# ዝርርብ-ምትሕግጋዝ

## ሓበሬታ ካብ ጉጅለ ስድራቤታዊ-ሕጊ

NORSJÖ kommun

# ዝርርብ ምትሕግጋዝ እንታይ ማለት'ዩ?

"እዚ ናይ ምትሕግጋዝ ዝርርብ" ዚበሃል፡ እቲ ዝተፋትሑ ሰባት ኣብ ጉዳያት ሓላፍነት ምዕባይ ቆልዓ፥ መንበሪ ቤት ከምኡውን ምስ ውላድካ ናይ ምርኻብ መሰል ዝኣመሰሉ ኣርእስቲታት፥ ናብ ሓባራዊ ምርድዳእ ንኽመጹ ዚግበረሎም ናይ ምዝርራብ ዕድል'ዩ። እቲ መበገሲ ሕቶ፡ እቲ ነቶም ቆልዑ ጽቡቕ ዝኾነ ነገር ቀዳምነት ንምሃብ'ዩ።

ቆልዑ ጽቡቕ መነባብሮ ኪህልዎም መሰል ኣሎዎም፥ ስለዚ ድማ፡ ንስኻትኩም ከም ወለዲ መጠን፥ እቲ ነቶም ቆልዑ ጽቡቕ ዝኾነ ፍታሕ ንኽትረኽቡ ሓላፍነት ኣሎኩም።

ከም ወለዲ መጠን፡ ዋላኳ ብሓደ ዘይትነብሩ እንተ ኾንኩም፥ ኣብቲ ናይ ደቕኹም ጉዳያት ግን ሓቢርኩም ክትሰርሑ ይግባእ'ዩ።

ኣየናይ ኣርእስቲ ኣልዕሊና ከም ንዛረብ እትውስኑን፥ ኣብ ውሳኔ ውን ከም ዚብጻሕ እትገብሩን፡ ንስኻትኩም ወለዲ ኢኹም።

## ብኸመይከ'ዩ ዚግበር?

እቲ "ዚርርብ-ምትሕግጋዝ" ብድሌትካ እትገብሮን ገንዘብ ካብ ምኽፋልን ነጻ እዩ። እቲ ዚርርብ ካብ 1-1,5 ሰዓት ኪኸይድ ይኽእል'ዩ። ገለ እዋናት፡ ነቲ ኣብ ጉዳያት ቆልዑ ዘሎ ሽግራት ንምፍታሕ፥ ተደጋጋሚ ናይ ዝርርብ እዋናት ውን የድሊ ይኸውን'ዩ።

እቶም ቆልዑ እንተ ኾኑ ውን፡ ሓበሬታ ክወሃቦምን - ርእይትኦም ክህቡን ዕድል ኣሎዎም'ዩ።

እቲ ኣብ መንጎ ወለዲ ዚግበር ስምምዓት ብቓል ወይ ኣብ ጽሑፍ ኪሰፍር ይከኣል'ዩ።



ኮሚቲ ስድራቤታዊ ሕጊ ውን፡ ኣብቲ እቶም ወለዲ ዝተሰማምዑሉ ጉዳያት፡ ቀያዲ ዝኾነ ሕጋዊ ስምምዓት ንኺግበሩ ኪሕግዞም ይኽእል’ዩ። እንተ ደኣ እቲ ስምምዕ ነቶም ቆልዑ ጽቡቕ ኰይኑ ተረኺቡ።

እቲ ዚግበር ዝርርባት ኣብ ጽሑፍ ኣይሰፍርን’ዩ፥ ንዕኡ ዚኸውን መዝገብ ውን ኣይግበርን’ዩ።

ንሕና እዞም ኣብዚ “ስድራቤታዊ ሕጊ” እንሰርሕ ሰባት፥ ምሁራት ማሕበራዊ-ጉዳያትን፡ ምስጢር ናይ ምሓዝ ሕጋዊ ግዴታ ዘሎናን ኢና። እቲ ናትና ግደ፡ ኣብቲ ዚግበር “ዝርርብ-ምትሕግጋዝ”፡ ነቲ ዝርርብ መልክዕ ንምትሓዝን ምምራሕን እዩ።

## ምስ መን ርክብ ክትገብር ትኽእል?

ምስዚ ቤትስልጣን ”ስድራቤታዊ ሕጊ”፡ በቲ ናይ Norsjö kommun ናይ ቴሌፎን ዓዳሊ-ቁጽሪ፥ 0918-140 00 ምድዋል ይክኣል እዩ። እንርከበሉ ኣድራሻ፡ ኣብቲ ”kommunhuset’’ ኣብ Storgatan 67 ኣብ “Norsjö’’ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት፡ www.norsjo.se/samarbetssamtal ርአ።

”እቲ ኮሙን ሓላፍነት ክወስደሉ ዚግባእ

- ወለዲ ብሓንቲ (ብሓደ) ብዓልቲ-ሞያ ሰብ እናተመርሑ ዝርርብ ክካይዱ ዕድል ክወሃቦም፤ ዕላምኡ ድማ፡ ወለዲ ኣብ ጉዳያት፡- ሓላፍነት ምዕባይ ቆልዑ፡ መንበሪቤት፡ ምስ ውላድካ ናይ ምርኻብ መሰል፥ ኣብ ስምምዕ ክም ዚበጽሑ ምግባር (ዝርርብ-ምትሕግጋዝ) ክምኡ ውን
- ወለዲ ብመሰረት ”ሕጊ ወላድነት 6 ምዕራፍ 6 §, 14a § ካልኣይ ዓንቀጽ ወይ 15a § ሳልሳይ ዓንቀጽ” ኣብ ስምምዕ ክም ዚበጽሑ ንምግባር ሓገዝ ምውፋይ እዩ።

(ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት 5 ምዕራፍ 3 §)

NORSJÖ
kommun

ኣድራሻ: Storgatan 67
ኣድራሻ ቡስጣ: 935 81, Norsjö
ቴሌፎን: 0918-140 00
ኤ-ፖስት: info@norsjo.se
ኣድራሻ ኢንተርነት: www.norsjo.se